ትግርኛ / Tigrinya

# HSK

## **መደብ ትምህርቲ  ናይ መበቆል ሃገር ቋንቋ**

(ናይ መበቆል ሃገር ቋንቋን ባህልን HSK)

## ሓበሬታ ንሰብ መሰል መዕበያን ወለድን

ደገፍ ኣብ ቋንቋ ጀርመን ምሃብን ኣብ መንጎ ተዛረብቲ ብዙሓት ቋንቋታት ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ባህልታት ልዙብን ዕዉትን ርኽክባት ምምዕባልን ገለ ካብቶም ቀንዲ ሃነጽቲ ኣበርከቶታት ናይ መባእታ ቤት ትምህርትታት እዮም።

ኣብ መንጎ ተዛረብቲ ብዙሓት ቋንቋታት ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ባህልታት ልዙብን ዕዉትን ርኽክባት ምምዕባል ቀረብቲ መደብ ትምህርቲ ናይ መበቆል ቋንቋ (HSK).ዝኽተልዎ ዕላማ ብምኧኑ ንዕላምኦም ኣብ ናይ መባእታ ቤት ትምህርትታት የተግብርዎ። እዚ ትግባረዚ ብሰብ መዚ ትምህርቲ ናይ ካንቶናት እውን ይድገፍ።

## ብዙሓት ቋንቋታት ምምላኽን ናይ ዝተፈላለዩ ባህልታት ልዙብን ዕዉትን ርኽክባትን

ንምርድዳእ ዝኣክል ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ዘለዎም፣ ካብኡ ሓሊፎም ከኣ ቋንቋ ወለዶም ኣጻርዮም ዝኽእሉ መንእሰያት፣ኣብ ዓውደ-ስራሓትን ማሕበረ-ሰብን ንኽወሃሃዱ ብሉጽ ብቕዓት ኣለዎም።

ናይ HSK- መደብ ትምህርቲ ኣብ ኩለን ካንቶናት ይርከብ ኣብ ገለ ከተማታት ከኣ ናይ ልዕሊ 25 ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ቀረባት ትምህርቲ ይርከብዎም።

## ዕላማ ናይ HSK - መደብ ትምህርቲ

ህጻናትን መንእሰያትን

- ንናይ ፈለማ ቋንቋኦም ናይ ምዝራብን ምርድዳእን፣ ምንባብን ምጽሓፍን ክእለቶም ከስፍሑን ከዕሙቑን፣
- ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቋንቋታት እናተዛረቡ ኣብ ዝተፈላለዩ ባህልታት እናተዋስኡ ዓቕምታቶም ከስፍሑን ተወሰኽቲ ቁም ነገራትን ስርዓታትን ክፈልጡን ኪኽብሩን።

## ረብሓታት ኣብ ዓውድታት ማሕበረ-ሰብን ስራሕን

- ናይ ፈለማ ቋንቋኡ ዝመለኸ፣ ካልኦት ቋንቋታት ከም (ጀርመንን እንግሊዝን) ንኽምሃር ጽቡቕ መሰረት ይህልዎ።
- ቀዳማይ  ቋንቋ ምምላኽ ንቖልዑ ምስ ቤተ ሰቦሙን፣ ኣዝማዶሙን  መበቆል ሃገሮምን ርክብ ክገብሩ የኽእሎም።
- ምስ ናይ መበቆል ሃገር ንምርኻብ ጽቡቕ ክእለት ናይ መበቆል ሃገር ቋንቋ የድልይ። (ቀጻሊ ስልጠና ሞያ፣ ናይ ስራሕ ንጥፈታት፣ ናብ ዓዲ ምምላስ)

## ወለዲ ንምዕባለ ቋንቋ ውላዶም ዝድግፍሎም ኣገባባት

- ዋላኳ ውላዶም ብጀርመን እናተዛረቦም ከሎ ንሳቶም በታ ዝሓስቡላን፡ዝሓልሙላን ቋንቋ ብምዝራብ፣
- ውላዶም ቋንቋ ናይ ምፍላጥ ፍቕሪ ክሓድሮ ንምግባር ምትብባዕን፣ ምስኡ ንሓድሕዶም ብዛዕባ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ብምዕላልን፣ብምኪታዕን፣ ብምድራፍን/ ብምዝማርን፣ ዛንታታት ብምዝንታውን፣ብምንባብን፣
- ነፍሲ ወከፍ ኣባል ቤተ ሰብ ምስቲ ቆልዓ ብቋንቁኡ ብምዝራብን፣
- ንቖልዓ ምስ ጀርመንን ካልኦት ቋንቋታትን ዝዛረቡ ቆልዑ ክዛረብን ክራኸብን ብምትብባዕ፣
- ንቆልዓ ኣብ ናይ HSK-መደብ ትምህርትን ናይ መባእታ ቤት ትምህርትን እንታይ ከም ዝተማህረ  ከዘንቱ ብምትብባዕ፣
- ምስ መማህራን ናይ HSK- መደብ ትምህርን ናይ መባእታ ቤት ትምህርትን ዝርርብ ብምክያድ።

## ኣወዳድባ

ናይ HSK- መደብ ትምህርቲ ብኣምባሳዶራት ናይ መበቆል ሃገራት ወይ ብውልቃውያን ትካላት ይቕረብ። ከም ስሩዕ እቲ ትምህርቲ ካብ 2. ክፍሊ ጀሚሩ ይቕረብ።

ምዝገባ ብጀካ ኣብ ካንቶን ቤርን ኣብ መባእታ ቤት ትምህርትታት ይፍጸም።

ናይ HSK-መደብ ትምህርቲ ከም ሰሩዕ ኣብ ክፍሊታት ናይ መባእታ ቤት ትምህርትታት ይካየድ፣ እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ኣብ ጥቓ እቲ ቆልዓ ዝነብረሉ ቦታ።

ሰዓታት ትምህርቲ ናይ HSK ምስ ሰዓታት ትምህርቲ ናይ መባእታ ቤት ትምህርትታት ይሰማማዕ። (ዕረፍቲ፡ወረቐት ምስክር)

ናይ መንፍዓት ውጽኢታት ምስ ናይ ወረቐት ምስክር ወይ ከኣ ጸብጻብ ትምህርቲ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ይተሓሓዝ።

## መራኸቢ/ኣድራሻ

**Volksschulamt des Kantons Solothurn**
Kreuzackerstrasse 1
4502 Solothurn
Telefon 032 627 29 37
vsa@dbk.so.ch
Kurse in Heimatlicher Sprache und Kultur (HSK) - Kanton Solothurn

Solothurn, 24. Januar 2011

Erarbeitet von den Erziehungsdepartementen und Bildungs-direktionen der Kantone Basel-Stadt, Basel-Landschaft, Aargau, Bern, Solothurn und Fribourg, in Zusammenarbeit mit den Träger-schaften des Unterrichts in heimatlicher Sprache und Kultur.